# መስዋእቲ ዋጋ ናይ ሓርነት ኢዩ

ብሓቂ በቲ ቅኑዕ ትርጉሙ፣ መስዋእቲ ዋጋ ናይ ሓርነት ኢዩ። ኣብ ኤርትራ'ውን ብዙሕ ተዘሪብሉ፣ ብዙሕ ተደሪፍሉ ኢዩ። ብዙሓት ሃገራት መስዋእቲ ከፊለን፣ ዋጋ ሓርነት ዝረኸባ ኣለዋ።

ንስለ ምንታት ኤርትራ፣ ሓራ ኮይና እንድያ ክንብል ንኽእል። ብሓቂ ግን፣ ኤርትራ ምስ ህዝባ ኢያ ኤርትራ ትበሃል፣ እምበር እቲ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ኣይኮነን። ስለዚ ሓራ ኽኸውን ዘለዎ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። መሬትን ማይን ድኣ ኣይሰምዕ ኣይርኢ፣ ብእንግሊዝ ድዩስ ብካሜሮን ተገዚኡ ዝርድኦ ኣይኮነን።

ህዝቢ ግን፣ ካብ መግዛእቲ ዝወርድ ጭቆናን መከራን ሓራ ኽኸውን ተጋዲሉ፣ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ድማ ከፊሉ። እቲ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ግን መደሰትን መሸካዕለልን ተበልጽቲ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ።  ዋጋ መስዋእቲ፡ሻ ሓርነት ዘይኮነስ ባርነት ረኺቡ።

እቶም ሃደምቲ ዝኾኑ፣ ንህዝቦም ኣሕሊፎም ዝሃቡ ኤርትራውያን፣ ጀጋኑ ተባሂሎም። እቶም ምእንቲ ህዝቦም ኣደዳ መስዋእትን መውጋእትን ዝኾኑ ከኣ፣ ቤት ማእሰርትን ጎዳጉድን ኮይኑ ሰፈሮም። ንኣብነት፣ በዓል ጀነራላት ውጩ(ዓንደማርያም ገብረእግዚኣብሄር)፣ ፊሊጶስ ወልደሃርያት፣ ዑመር ጠዊል ንመሬትን ህዝብን ኣሕሊፎም ንጸላኢ ዝሃቡን ካብ ኩናት ጭርኦም ደጒሎም ዝህደሙን ጀጋኑ ተባሂሎም። ብዓል ሚኒስተራት ማሕሙድ ሸሪፎ፣ ሃይለ ድሩዕ፣ ጴጥሮስ ሰለሙንን ካልኦትን ከኣ ኣብ ጎዳጉዲ ወኻርያ ይነብሩ ኣለዉ። ድሃዮም ዝገብር ኤርትራዊ እኳ የለን፣ ክበሃል ይከኣል።

እምበኣር መስዋእቲ ጀጋኑ ከንቱ ኮይኑ ኢዩ ተሪፉ ዘሎ። መስዋእቶም፣ ካብ መልስታቱ ሕቶታቱ ዝበዝሕ ኢዩ። እዚ "ኤርትራዊ" ኢየ በሃላይ ቋንቋና ተዛራባይ ገዛኢ ስርዓት ኢሳያስ ንመስዋእቲ ኤርትራውያን ከንቱ ፋይዳ ጌርዎ ኣሎ።

ኣልኮል ኣብዚሑም ንዝሞቱ ሓለፍቲታቱ፣ ጀጋኑ ቆጺሩ ንሰሙን ኣብ ማዕከናት መራኸቢታቱ ይውድሶምን ይወዳስሶምን ኢዩ። ኣብ ጽንኩር ኩነታት ቂያ ሰሪሖም ክንሶም፣ ከይተዘከሩ ዝተረፉ ግን ኣሽሓት ጀጋኑ ኢዮም። ኣበይ ድኣ'ሎ ዋጋ ናይ ሓርነት? ኩሎም ብዘይ ኣፈላላይ፣ ዝግባእ ክብሪ ዘይረኸቡ ስለ ምንታይ? ኩሎም ስድራ ቤታት፣ ስውኣት ደቆም ስለምንታይ ብማዕረ ዘይንገሩ? ደሃይ ደቆም ዘይረኸቡ ስድራ ቤታት መሊኦም ኢዮም። ገሊኦም ከኣ ከምዝተሰውኡ'ኳ ብመንገዶም ገለ ሓበሬታ እንተረኸቡ፣ ብወግዒ ስለዘይተነግሩ ደኒኖም ይኸዱ ኣለዉ። ስለምንታይ?

ሰነ መጸት፣ መዓልቲ ስውኣት እንዳበልካ ሽምዓ ይውላዕን፣ ኣብ ጎደናታት ኣኼባ ይግበርን ኢዩ። ብሓቂ ንስውኣትና ክንዝክር እንተድኣ ኮይኑ፣ ዝተሰውእሉ ዕላማ ኣብ ተግባር ውዒሉ'ዶ? ክንሓትት ይግባእ። ካብታ መጀመርያ ዕለት ሰውራ ጀሚሮም ዝተሰውኡን ኩሎም ኣብ መስርሕ ዝሓለፉን ብኽብሪ ክንዝክር እንተዘይክኢልና፣ ምሉእ ክብሪ ኣይከውንን ኢዩ። እቲ መጀመርያ ኣብ ሰውራ ዝተሰውአ ኤርትራዊ እውን ብግቡእ ታሪኹን ስሙን ክንገር ይግባእ።

ጉዳይ ናይ ጀጋኑ ስውኣት ዘርዚርካ ዘይውዳእን ድቃስ ዘይህብን ኢዩ። እዞም ኣብ ታሕቲ፣ ኣሳእሎም ተዘርጊሑ ዘሎ ገለ ካብቶም ኣሽሓት ጀጋኑ ስውኣትና ኢዮም። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽኩዎ ድማ ገለ ካብ መስዋእቶምን ታሪኾምን ብግቡእ ንህዝቢ ካብ ዘይተነግረሎም እሽሓት ስዉኣት ኢዮም።

ክቡራን ተኸታተልቲ፣  በዓል መን ምዃኖምን ትፈልጥዎ ታሪኾም እንተሃልዩን በዚ ዝስዕብ ኢ-መይል ክትልእኹለይ ብትሕትና ይሓትት።  ብወገነይ ዘቕርቦ፣ ስሞምን ታሪኾምን ድሕሪ ሰሙን ኣቢሉ ክዝርጋሕ ኢዩ።

tuku_br@yahoo.com

ትኩእ ተስፋይ
ቶሮንት፣ ካናዳ


No 1


No2.


No. 5


No. 6


No.3


No. 4


No.7